ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይን ፍሳስን ከተማ አፅቢ ን2017በጀት ዓመት ንቤት ፅሕፈትና ግልጋሎት ዝውዕሉ ንመስመር ፅገና፣ንሕድሳት መስመርን ኢድ መሳርሕን ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ፍቲንግታትን HDPE ትቦን መገጣጠምን ብግልፂ ጨረታ ኣዋዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ የካቲት 28, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 19, 2017 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:50,000
- ቦታ:Atsbi
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 19, 2017 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ቱቦታትን ኣክሰሰሪታትን/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይን ፍሳስን ከተማ አፅቢ ን2017በጀት ዓመት ንቤት ፅሕፈትና ግልጋሎት ዝውዕሉ ንመስመር ፅገና፣ንሕድሳት መስመርን ኢድ መሳርሕን ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ፍቲንግታትን HDPE ትቦን መገጣጠምን ብግልፂ ጨረታ ኣዋዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ክትወዳደሩ እትደልዩ ሕጋውያን ነጋዶ ነዞም ዝስዕቡ ረቋሒ እተማልኡ ንክትወዳደሩ ንዕድም፡-

ተጫረቲ ከማልእዎ ዝግባእ ረቋሒታት

1. ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎን ናይ 2017 ዓ/ም ንግዲ ፍቃድ ዘሐደሰን

2. Tin Number ዘለዎን ኣብ መቅረባይነት ዝተመዝገበን

3. ሻት ዝተመዝገበን ናይ ወርሒ የካቲት 2017 ዓ/ም ዲክለር ዝገበረን

4. ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ሻት ዝሓወሰ ክከውን አለዎ።

5. ናይ ጨረታ መኽበሪ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ወይ ብጥረ ገንዘብ ንዕገና መስመር፣ሕድሳት መስመርን ኢድ መሳርሕን ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ፍቲንግታትንHDPE ትቦንመገጣጠምን 50,000 ብር /ሓምሳ ሽሕ/ ብርብሽም ቤት ፅሕፈትና ከትሕዝ ዝክእል።

6. ዝተዳለወናይጨረታ ዶክመንትሰነድካብቤት ፅሕፈትግልጋሎትማይንፈሳስንከተማኣፅቢኣብጥቃኢ/ያ ንግዲ ባንክ ኮይኑ ቢሮ ቁፅሪ 02 ከ/ስ/ዕ/ፋ/ን/ምም/ርን ዘይምለስ 300.00/ሰለስተሚኢቲብር/ከፊልኩም ትወስዱ።

7. ተጫረቲ ነጋዶ እቲ ዓይነት ንብረት ብንፁር በቲ ዝወፀ ስፔስፊኬሽን ናይ ሓደ ዋጋን ጠቕላላ ዋጋን ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ኣብ ዝተኣሸገ ፖስታ መሊኡ ኦርጅናልን ፎቶ ኮፒን ነንበይኑ ዓሺጎም ኦርጂናልን ፎቶ ኮፒን ተባሂሉ ኣብ ፖስታ ይፀሓፍ።

8. እቲ ጭረታ ብዝተፋላለየ ምክንያት ከዛብዑ ዝፈተኑ ተጫረቲ | እቲ ቤት ፅሕፈት ካብ ጭረታ ወፃኢ ገይሩ ዘትሓዝዎ ትሕጃ ናብ ቤት ፅሕፈት ካዝና አታዊ ብምግባር ንቀፃላይ ከይሳተፉ ይገብር ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9. ተጫራቲ ድሕሪ እቲ ናይ ጨረታ ሳፁን ምክፋቱ ጨረታ ኣይሳተፍን ምባል ኣይፍቀድን ከምኡ ንዝበለ ዘትሓዞ ትሕጃ ናብ ቤት ፅሕፈት ኣታዊ ይከውን።

10. ተጫረቲ ኣብ ዘቅርብዎ ኦርጅናልን ኮፒን ዶኩመንት ኣብዝባንዝተዓሸገፖስታሽም፣ፊርማ፣ማህተምን ስ/ቁፅርን ከስፍሩ ኣለዎም።

11. ናይ ባዕልኻ እስፔስፊኬሽን ምፅሓፍን ምምላእን ኣይፍቀድን።

12. ቤት ፅሕፈትና 25% ናይቲ ዝተስዓረ ንብረት መጠን ናይ ምውሳከን ምቅናስን መሰል ኣለዎ።

13. ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐ ን30ማዓልቲ ይከውን ።

14. እቲቤትፅሕፈትዝሓሸመማረፂእንተረኺቡ እቲጨረታ ብኽፋልይኹንብምሉእ ናይምስራዝ መሰሉዝተሓለወእዩ።

15. ጨረታኣብ ኣየር ዝፀንሐሉ ካብ ዕለት28/06/2017 ዓ/ምክሳብ 19/07/2017 ዓ/ም ኩሉ ግዜ ኣብ ስራሕ ሰዓት

16. እቲ ጨረታ ዕለት 19/07/2017 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 08፡00 ተዓፅዩ ዕለት19/07/2017 ዓ/ም ሰዓት 08፡30 ተጫረቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኸፈት።

17. ኣብቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቀሰ ሰዓት ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪሎም እንተዘይ ተረኪቦም ቤት ዕዮና ጨረታ ፖስታ ምክፋት መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

18. ተጫራቲ ምስዓሮም ምስ ተረጋገፀ ድሕሪ ናይ ቅሬታ3' ማዓልቲኣብ ውሽጢ3 ናይ ስራሕመዓልቲ ውዕሊ ክኣስር ዝኽእል

19. ሰዓራይበቲጭረታ መምርሒመሰረት ውዕሊ እንተዘይኣሲሩ ቤት ፅሕፈትና2” ሰዓራይውዕሊ ዘእስር ምኳኑ።

20. ዘሸነፈ ተጫራታይ ድሕሪ ውዕሊ ምእሳሩ አብ ውሽጢ 7 ማዓልቲ ናብ ቤት ፅሕፈትና ብናይ _ ባዕሉ ትራንስፖርት መፅዓንን መራገፍን ኣታዊ ይገብር።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0914161243 /0914411872 ምሕታት ይካኣል እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle